# ንፍቑራትን ኣባላት ስድራቤትን ደረታት መገሻ ይፋኹሰሎም

ጋዜጣዊ መግለጺ | ዕለት: 02.09.2021
| ቁጽሪ: 137 -2021

ካብ 12 መስከረም ካብ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ወይ ክልል ቁጣባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳ ወጻኢ ዝቕመጡ ፍቑራትን ኣባላት ስድራቤትን ንኖርወይ ክኣትዉ ይፍቐደሎም።

- ብዙሓት ፈተውቶም ክበጽሑዎም ንነዊሕ እዋን ክጽበዩ ጸኒሖም ኣሎዉ። ደረታት መገሻ ንኖርወይ ተረርቲ ብምኳኖም እቶም ብእኡ ዝትንከፉ ብጣዕሚ እዮም ዝጽለዉ። ሕጂ ንኖርወይ ብውሑስ ኣገባብ ዝኣትዉ ፍቑራት፡ ቈልዑ፡ ወለድን ኣቦሓጎታትን ዓባየታትን ብምውሳኽ እነፍቅደሉ እዋን በጺሕና ኣለና። እቶም ልሙዳት ትርር ዝበሉ ሕግታት ምምርማርን ምውሻብን ክሳብ ዝተኸተሉዎም ሕጂ ቅሩብ ክንከፍተሎም ንኽእል ኢና። እቶም ልሙዳት ሕግታት ምምርማርን ምውሻብን ክኽተሉዎም ግን ግድን እዩ። ስለዚ ካብዚኦም ብዝሒ ዝበሉ እተን ቀዳሞታት መዓልታት ኣብ መወሸቢ ሆቴል ከሕልፉወን ክግደዱ እዮም ትብል ሚኒስተር ፍትሕን ድሉውነትን ሞኒካ መላንድ (ሰልፊ የማን)።
እዞም ምፉኹሳት ካብ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ወይ ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳ ወጻኢ ዝቕመጡ ሰባት ዝምልከቱ ኮይኖም፡ ምስ ኣብ ኖርወይ ዝቕመጡ ሰባት እዞም ዝስዕቡ ዝምድናታት ንዘለውዎም ድማ ይምልከት:

- ልዕሊ ዕድመ ቈልዑን ደቅ ሰብኣይክን ደቅ ሰበይትኻን ንዝኹኑ፡ ከምኡ'ውን ወለድን ሰይቲ ኣቦን ሰብኣይ ኣደን ንልዕሊ ዕድመ ቈልዑ/ደቅ ሰበይቲ ወይ ደቅ ሰብኣይክን (ንትሕቲ ዕድመ ቈልዑ/ደቅ ሰብኣይክን ሰበይትኻን ኣቦሓጎታቶምን ዓባየታቶምን/ሰይቲ ኣቦሓጎታትን ሰብኣይ ዓባየታትን ድሮ ምፉኹሳት ተኣታትዩሎም ኣሎ)።
- ኣቦሓጎን ዓባየታትን/ኣንስቲ ኣቦሓጎታትን ሰብኡት ዓባየታትን
- ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ፍቑራትን ንፍቑራት ትሕቲ-ዕድመ ዝኹኑ ደቑምን ፍቑራት ብመገዲ ፍታሕ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI እዮም ከመልክቱ ዘለዎም (መራኸቢ/ሊንክ፡ [Søknad om kjærestebesøk - UDI/ምልክታ ምብጻሕ ፉቑራን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት)።](#) ብዝተረፈ ከም ቅድሚ ሕጂ'ውን ኣብ ሕጊ ወጻእተኛታት ሰፈሮም ዝርከቡ ቅጥዕታት መሰላት መገሻ ንኖርወይን መንበሪ ፍቓድን ከማልኡ ኣሎዎም። ንኣብነት ቪዛ ግድን ክህልዎም ዘለዎም ወጻእተኛታት ቅድሚ ንኖርወይ ምምጽኦም ቪዛ ክወሃቦም ክኽእል ኣሎዎ።